<u>ኣንቲ ነጻነት</u>
እንታይ ጉድኪ      ዘይትዛረቢ
እዚ ኩሉ ዓዛብ      ስቕ ኢልኪ ትዕዘቢ

ነጻነት ክብሉኺ      ብዙሕ ሰሚዐ
ንዓኺ'ውን ብሂገ      ክቱር ሰሲዐ
ኣብ ጽላልኪ ኮይነ      ክመርሕ ሂወተይ
ክግስግስ ክጎዪ      ከም ትርግታ ልበይ

ኣነ'ሞ እንታይ ዘይገበርኩ?
እቲ ፈጣሪ ዝሃበኒ      ኣፈይ ምስ ተሎጉመ
ሓንጎለይ ተሻቂሉ      ምስ ኣጉረምረመ
ካብ ናብ ከይስጉም      እግረይ ምስ ተቐየደ
ስርሐ ከይበልዕ      ኢደይ ምስ ተኣስረ
ፍልጠት ከይቀስም      ኣእምሮይ ምስ ደንዘዘ

ግድነት ኮይኑ      ክዘልል ክበርር
ዝሓሸ ክናዲ      እፎይታ ክምእርር
ብክንደይ መኸራ      ዶባት ክሰግር
ምደረ በዳ ከቋርጽ      ብጸሓይ ሞሮር
ኣብ ባህሪ ከንሳፍፍ      ምስቲ ኩሉ ግርግር

ኣንቲ ነጻነት
እንታይ ጉድኪ      ዘይትዛረቢ
እዚ ኩሉ ዓዛብ      ስቕ ኢልኪ ትዕዘቢ

እቲ በኩሪ ገዛ      ምእንታኺ ምስ ተደፍነ
ናተይ ደሃይ'ውን      ፍጹም ምስ ተሳእነ
ሕሳስ ልደ ክስዕብ      መሳትኡ ምስ ሰኣነ

ንሱ'ውን ብግዲኡ      ኣብ መዝርዓ ክዝራዕ
ብሰንኪ እምነቱ      ብዳዕሽ ክሳዱ ክምንዛዕ
ስድራ ምስ ዓረበት      ኣደ'ውን ብዙሕ ነብዐት
ብክቱር ሓዘን ተኾርምያ      መልክዓ'ውን ተደወነት

ነጻነት
ክሳብ መዓስ'ዩ      እዚ መዓት ውርደት
ፍቆድኡ ስደት      ዘይውዳእ ከርተት
እቲ ኩሉ መብጽዓ      ከንቱ ኮይኑ ጻማኪ
ካን ሕሉብኪ ንጹፍኪ      ንሱ ኮይኑ ፍርድኪ

ሕጂስ ይኣኽል      ስቕ ኢልኪ ኣይትተዓዘቢ
እንታይ ጉድኪ      ሓደራኪ'ባ ተዛረቢ
ንስኺ ንዓይ      እንታይ ኢኺ ነቲ ህዝቢ
ብሓቂ ነጻነት'ዶ      ወይስ ሕሱም ባርነት ?
መሰል ፍትሒ'ዶ      ወይስ ኣልቦ ግህሰታት?

ካብ ነፀረኣብ ኣስመላሽ